# ሰሓቕ ጥዕና ካብ ኮነ እስከ ክንዛነ 5ይ ክፋል

ጋዜጠኛ፡ ካብ ከቢድ ናይ መኪና ሓደጋ ንስክላ ድሒንካ  ትበልዖ እንጌራ ኣሎካ ማለትድዩ?
ሰኽራም፡ ኦይ ዝሰትዮ መስተ እንተሎኒ'ምበር እንጌራ ደኣ ዘይለኽፎ።

ጋዜጠኛ፡ ስለምንታይ ኣልኮላዊ መስተ ኣመና ተዘዉትር ?
ሰኽራም፡ ምኽንያቱ መታን መንግስተሰማይ ክኣቱ ተረዲኡካ ትጨርም ትሽግግ
ከረዉ ትብል ደኺምካ ትድቅስ ተደቂስካ ሓጥያት ኣይትሰርሕን።

ጋዜጠኛ : ስለምንታይ ስራሕ ዘጣይቑልካ ዘተባብዑኻን ብሎሚ ጽባሕ የሕሪርካዮም?
ህኩይ : መታን ኣመል ስራሕ ከየሕድሩለይ።

ጋዜጠኛ :ስራሕ ትጸልእ ከይሰራሕካ ምብላዕ ኣይከኣልን ናይ መጻኢ መደብካ  እንታይ'ዩ?
ህኩይ : ከይሰራሕካ ዝብልዓሉ ሃገር ምንዳይ።

ጋዜጠኛ : ኣፍቃሪኺ ብሽጉጥ ህይወቱ ከሕልፍ እንከሎ እንታይ ጌርኪ?
ወይዘሪት : ከየጽመኒ ክልቲኡ ኣእዛነይ ሓቲመ።

ጋዜጠኛ : ሰበይትኻ ረሳዒት'ያ ትበሃል ሓቂ ድዩ?
ሰብኣይ : ዝተወለደትሉ ዕለት ግን ሞይታ ኣይትርስዓን እያ።

ጋዜጠኛ : ብረትካ ኣብ ተጽርየሉ እዋን ቕድም እንታይ ክትገብር ይግበኣካ?
ወተሃደር : ናይ ካልኦት ተጋግየ ከየጽርየሎም ተቐዳዲመ ቁፅሪ ብረተይ ክጽሕፍ ይግባእ።

ጋዜጠኛ : 10 ናቕፋ ክህበካ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ዝርከበሉ ቦታ እንተነጊርካኒ?
ህጻን፡ : ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ዘይርከበሉ ቦታ እንተነጊርካኒ ኣነ 100 ናቕፋ ይህበካ።

ጋዜጠኛ፡ ጸባ ንከይበላሾ እንታይ ክንገብር ኣሎና?
ህጻን : ኣብ ጡብ ላም ከምዝጸንሕ ወይ ድማ ሽዑ ንሽዑ ምጭላጡ።

ጋዜጠኛ፡ ኣቦኻ ትምህርቲ እንተነፊዕካ 10 ናቕፋ ሓዳስ  ክህበካየ ምስ በሉኻ ተተባቢዕካ ዶ
ህጻን : ኣብ ክንዲ ሓዳስ 10 ናቕፋስ ኣረጊት 100 ናቕፋ ትሕሸኒ እምበር ኢለዮ።

ሰሓቕ መንፈሳዊ ሓይሊ ወዲ ሰብ እዩ!
ዓንደመስቀል ክንፈ (ኤስሊንገን-ጀርመን)